# ህዝባዊ ደሞክራሲ

ኣብ ከክልተ ወርሒ ዝሕተም ወግዓዊ ልሳን
ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ
(ደግሓኤ)

ቅ፡ 05 ቁ፡ 03
መጋቢት 2015

# ትሕዝቶ

- **<u>ርእሰ-ዓንቀጽ፣</u>**

**ኣብ ትሕቲ ብልሹው ምሕደራ ስርዓት ህግደፍ ቁጠባ ሃገርና ናይ ምንቁልቋልን ውድቀትን ደኣ እምበር ናይ ምሕዋይን ምዕባይን ዕድል የብሉን።**

- ***<u>ኣረሜናዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን ኣዕናዊ ናይ ወጻእ ፖሊሲታቱን ንምውጋድ ንቃለስ</u>***

- ***<u>ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይ ርሑቕን ቀረባ ዕላማታት ብኸመይ እንተቐረቡ'ዮም ሓፋሽ ዝመሃረሎም?</u>***

- **<u>ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ፣</u>**
  - ፖለቲካዊ ውድብትና ስጡም ናይ ኣረኣእያ ሓድነት ክገብራ እንተዘይበኞቓ፡ ተመሓዝየን ክይሰርሓ እንታይ ይእግመን?
  - ሕቶ ብሄር ብዓይኒ ፖለቲካዊ ደሞክራስን ተፈጥሮኣዊ መሰልን
  - ሕማም ደሓር'ዩ።
  - ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ (ሃማደኤ) ሃገራዊት ዘብላ ባህሪ ኣርእያ ኣይትፈልጥን

E-mail:- hidemocrasi@yahoo.com

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ኣብ ትሕቲ ብልሹው ምሕደራ ስርዓት ህግደፍ ቁጠባ ሃገርና ናይ ምንቁልቋልን ውድቀትን ደኣ እምበር ናይ ምሕዋይን ምዕባይን ዕድል የብሉን።

ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ዝኾነ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብኢ.ደ-ዋኒኑ ብሓይሊ ናብ ኮረሻ ስልጣን ካብ ዝድይብ ኣትሒዙ ክሳብ ሕጂ 24 ዓመታት ገይሩ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ከባቢ ርብዒ ዘመን ዕድሚኡ'ዚ ቁጠባ ኤርትራ እንትርፎ ናይ ምንቁልቋልን ውድቀትን ዕጫ ናይ ዕብየት ዕድል ኣየጋጠሞን። ስርዓት ህግደፍ ድሕሪ ምሕራር ኤርትራ ኣብ ነዊሕ ናይ ሓርነታዊ ቃልስና ብናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ብኹናት ዝዓነወን ብድኽነትን ድሕረትን ዝተሳቐየ ሕብረተሰብ ኤርትራ "ቁጠብኡ ብምሕዋይ ዝማዕበለት ሃገር ንህነጽ" ብዝብል ኣብ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ሓደ ኮንፈረንስ ከም ዝተኻየደ ዝዝከር እዩ። ኣብዚ ዋዕላ'ዚ ብዙሓት ሃገራውያን ምሁራን ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ወጻኢ ሃገራት ዩኒቨርስታት ዝመጹ ዝተሳተፍዎ ምንባሩ እውን ዝፍለጥ እዩ። ኣብዚ ብ ዛዕባ ቁጠባዊ ኩነታት ኤርትራ ዝዝቲ ዋዕላ'ዚ እቲ ብትምክሕቲ ዝተላዕጠጠ ጸቢብ ገባቲ ጃንዳ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሽርሕታቱን ማሕንቖታቱን ዘይተገንዘቡ ንጹሃት ሃገራውያን ምሁራን ምስቲ ምጽራግ ባዕዳዊ መግዛእትን ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትን ዝገደፈሎም ሓጎስን ፍናንን ለውጢ ክመጽእ እዩ፥ ዝብል ትጽቢት ዝነበሮምን ሃናጺ ሓሳባቶም ዘቕረቡን ብኡኡ ኣቢሎም ኣብ ምህናጽ ሃገር ክሳተፉን ድሌት ዝነበሮም ከምቲ ዝተጸበይዎ ኮይኑ ኣብ ዘይረኸብሉ ሰላሕ ኢሎም በታ ዝመጽዋ ነናብ ዝምህሩለን ዝነበሩ ዩኒቨርስታቶም ዝተመልሱ ምሁራን ምንባሮም ዝዝከር እዩ። እዚ ዋዕላ'ዚ ሒዝዎ ዝወጸ ናይ ቁጠባዊ መርሆ ኣንፈትን ድሒሩ ኣብ ተግባር ዝሰዓበ ኩነታትን ቅድሚ ምርኣይና ብቐዳምነት ቅኑዕ ቁጠባዊ ፖሊሲ ናይ ሓንቲ ብድሕረትን ድኽነትን እትሳቐ ዘይማዕበለት ሃገር ከመይ እዩ ምርኣይ ኣገዳሲ ይመስለና።

ንዕብየት ቁጠባ ሃገር ካብ ዝወሰኑ ቀንዲ ረቋሒታት ብፍላይ ከኣ ከም ሃገርና ዝኣመሰላ ፹% ካብ ህዝብታተን ኣብ ሕርሻ ዝምርኮሳ ሃገራት ኣብዘን ዝስዕባ ነጥብታት ጸሚቕካ ምርኣይ ይከኣል እዩ።

1. ቀጻልነት ዘለዎ ቁጠባዊ ዕብየት ምርግጋጽ ዝከኣል ብቐዳምነት ሰላምን ምርግጋእን ዘውሓሰት ሓራ ዝኾነት ሃገር ምርግጋጽ የድሊ።
2. ንረብሓ ሓፋሽ ዘገልግል ካብ ጽግዕተኛነት ዘናግፍ ምዕሩይ ምጣነ-ሃብታዊ ናጽነት ዘረጋግጽን ስሉጥን ቀጻልነት ዘለዎ ዕቤት ዘጎልብትን ኩሉ ህዝቢ ካብቲ ዝርከብ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት በብደረጅኡ ተጠቃሚ ዝኾነሉን ማሕበራዊ ፍትሒ ዘረጋግጸሉን ናይ ልምዓት እስትራተጂ ምኽታል የድሊ።
3. መንግስታዊ ምጣነ-ሃብታዊ ትካላት ይኹን ናይ ግሊ ንዕብየት ሃገራዊ ኢኮኖሚ ብዘገልግል ምዕቡል ሃገራዊ ርእሰማል ብዝውህለሉ ኣገባብ ብሕጊ ነጻ ዕዳጋ ዝምራሕን ዝግዛእን ኮይኑ ብቐዳምነት ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ዕዳጋ ዝምርኮስ ብዘይምቁራጽ እናሰፍሐ ዝኸይድን መሰረታዊ ናይ ልምዓት መምርሒ ብዝድግፍን ብዝደልደልን መንገዲ ናይ ወጻኢ ንግዲ ክዓቢ ክገብር ይህልዎ።
4. ቀጻሊ ዕብየት ናይ ሓንቲ ሃገር ዝውሰኑ ነናቶም ብጽሒት ዘለዎም ሰለስተ ኣካላት ናይ ሓፋሽ ወሳኒ ተራን ናይ መንግስቲ መተካእታ ዘይብሉ ብጽሒትን ዝተገንዘበ ንውልቀ ሰብ ርእሰማል መጸይቲ ዘይኮኑ ኣልማዕቲ ብሰፊሕ ዘሳትፍን ዘተባብዕን ምጣነ-ሃብታዊ ፖሊሲ ምሕንጻጽን ተግባራዊ ምግባርን የድሊ።
5. ኣብ ከም ሃገርና ዝኣመሰላ ሃገራት ዝበዝሐ ህዝበን መነባብሮኡ ኣብ ሕርሻ ዝኾነ እቲ ቀጻሊ ቁጠባዊ ምዕባለ ናይ'ቲ ገበራይ(ሓረስታይ) ውሕስነት ዝህልዎ መሬት ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ሓባራዊ ንብረት ኮይኑ ዘይሽየጥን ዘይልወጥን ብወለድን ሓረጣን ዘይተሓዝ ብህዝባዊ ፌደራላዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ከኣ ዝመሓደር ምስ ዝኸውን'ዩ።
6. ዝበዝሐ ህዝባ ኣብ ሕርሻ ዝምርኮስ ሓንቲ ሃገር ናይ ሕርሻ-መርሖ ኢንዳስትሪ ናይ ልምዓት እስትራተጂ ኣንፈት ምዕባሌ፥ ብምኽታል ሕርሻን ኢንዱስትርን ተደጋጊፎምን ተኣሳሲሮምን ክዓብዩ ብቐዳምነት ክስረሓሉ ጻዕርታት ክግበር ዝህልዎ።
7. ከም ሃገርና ዝኣመሰላ ዘይማዕበላ ሃገራት እኹል ዝተዋህለለ ርእሰማል ስለዘይብለን እቲ ቀንዲ ኣብ ኢደን ዝርከብ ሃብቲ ሃገር ብቐዳምነት እቲ ዝበዝሐ ኣብ ገጠር ዝርከብ ዓያዪ ጉልበትን ባህርያዊ ሃብቲ መሬትን ስለዝኾነ ነዚ ብሰፊሑ ተጠቂምካ ንናይ ከተማ ዓቕምታትን ኣልማዕቲ ውልቀሰብ ሃብትን ዝሓሸ ርእሰማል ብምውህላል ነታ ሃገር ካብ ሕርሻ-መርሖ ናብ ኢንዱስትሪ መርሆ ናይ ምስግጋር ኣማራጺ ምኻኑ ክትሓዝ ይህልዎ።
8. ብቐጻሊ መስርሕ እናዓበየ ዝኸይድ ቁጠባዊ ምዕባለ ክረጋገጽ ዝኽእል ደረጃ ብደረጃ ንድሕረትን ድኽነትን ከወግድ ዝኽእል ናይ ሓፋሽ ወሳንነት ዝቕበል ብሕጊ-ስርዓተ ቕዋም ዝምራሕ ብቑዕ ኣመራርሓ ዘወነነ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምርግጋጽ ወዘተ ይሓትት።

በዚ መንጽር ስርዓት ህግደፍ እዚ ቅኑዕ ምጣኑ-ሃብታዊ ፖሊሲ እዚ ተኸቲሉ ድዩ ተበጊሱ ወይስ ብኣንጻሩ መንገዲ ዕንወትን ውድቀትን እዩ ተኸቲሉ ተጓዒዙ ዝብሉ ካብዚኦም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ረቋሒታት ገለ ገለ ኣብነታት ወሲድናን ኣዛሚድናን ጥራሕ ክሳብ ክንደይ እዩ እቲ ዝተኸተሎ ጉዕዞ መዕነዊ ምንባሩን ምኽኑን ምርኣይ ይከኣል።

ብመሰረቱ ቁጠባዊ ሓርነት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ  ካብ ፖለቲካዊ ሓርነት ብዘላቕነት ንበይኑ ተነጺሉ ክዓቢ ኣይክእልን እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ኣብዚ ሕጂ ዘለናዮ መዋእል ኣብ ዘይማዕበላ ሃገራት ብዛዕባ ቁጠባዊ ዕቤት ክዝረብ እንተድኣ ኮይኑ ካብ ሕቶ ጥዑይ /ሰናይ/ ደሞክራስያዊ ምሕደራ ተፈልዩ ዝረኣየሉ ውድዕነት የለን። ህዝባዊ ግንባር ከኣ ከም ውድብ ድሕሪ ምርግጋጽ ሉዕላዊት ሃገረ ኤርትራ መሊኡ ሓርበኛዊ ተርኡ ተጸንቂቑ ቀጥታ ናብ ምሉእ ገዛኢ ደርቢ ተሰጋጊሩ እስትራተጂካዊ ጸላኢ ውጽዓት ህዝብታት ኤርትራ እዩ ኮይኑ። ካብዚ ግዜ እዚ ንድሕሪት ንቑጠባ ሃገር ጥራሕ ዘይኮነ ኩሉ ሸነኻዊ ምዕባሌ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝዓግት ኮይኑ  ናብ ጸረ-ሰውራ ሓይሊ እዩ ተሰጋጊሩ። ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ጸረ-ሰውራዊ ዓጋቲ ሓይሊ ኸኣ ኩሉ ሸነኻዊ ምዕባሌ ሃገር ምጽባይ ማለት ካብ እንቋቑሖ ተመን ርግቢት ክትውለድ ምጽባይ ማለት ጥራሕ እዩ ዝኸውን። ኣብ ጉዕዞ ምዕባሌ ሕብረተሰብ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ይኹን ዘቤታዊ መግዛእቲ ዝርከቡ ሃገራት እቲ ቅኑዕ ቁጠባዊ ኣንፈት ምዕባሌኦም ኣብዚ ዘለናዮ ህሞት እቲ ኣድማሳዊ ሓቂ እቲ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ኮይኑ ስርዓት ህግደፍ ግን ኣብ ቁጠባዊ ጽላት ዝተኸተሎ ፖሊሲ ፈሊና እንተርኢና እውን ካብ መጀመርያኡ ኣትሒዙ እንተርፎ ናይ ምንቁልቋልን ውድቀትን ናይ ምሕዋይን ምዕባይን ዕድል ዝጸልመተ'ዩ  ነይሩ።

ንባዕሉ ኣብቲ ድሕሪ ምሕራር ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ዘካየዶ ናይ ኢኮኖሚ ኮንፈረንስ ማእከሉ ወይ ሕመረቱ እንተርኢና እውን እቲ ኤርትራ እትምርኮሰሉ ቁጠባ ብቐዳምነት ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ዕዳጋ ዝምርኮስ ዘይኮነስ ብቐንዱ ኣብ ሰደድ ዘተኮረ ምኻኑ ትኽክለኛ ቁጠባዊ ፖሊሲ ኣይነበረን። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ እቶም ንቑጠባ ሓንቲ ሃገር ከዕብዩ ዝኽእሉ ነናቶም ብጽሒት ዘለዎም ኣካላት፡ ናይ ሓፍሽ ህዝቢ ወሳኒ ተራን ናይ መንግስቲ ተራን ናይ ውልቀ ሰባት ርእሰማላውያን ግደን ብግቡእ ከሳትፍ ዘይክእል ብምንባሩ ንውልቃውን ጉጅላውን ረብሕኡ ረብሓ ናይ ወጻኢ መወልቱ ሓይልታትን ክብል መሬትን ባሕርን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእትዩ መሬት ከም ድላዩ ዝሸይጥን ዝልውጥን ኩሉ ትካላት ናይ ንግዲ ገቢቱ ብምሓዝ ክሳብ ኣብ ዝተሓቱ ናይ ንግዲ ስራሓት /ቀይሕ ባሕሪ ኮረፖሬሽን/ 09 ገይሩ ኣብ ዝተቆጻጸረሉ ሓፋሽ ካብዚ እንታይ ክርባሕ ይኽእል። ንሱ እውን እንተኾነ ኣብ ትሕቲ ሓደ መላኺ ፓርቲ ህግደፍ ውልቀ-ሰባት ዝመሓድርዎን ዝፈልጥዎን ከምድሌቶም ዝዕንድርሉን ኮይኑ ትርፌ ከኣ ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ወጻኢ ባንክታት ዓለም ከም ቃሕ ዝበሎም ብግሎም ዘቐምጥዎ ኮይኑ፡ ኣብ መዓላ እቲ ውጹዕ ሕብረተሰብ ዝወዓለ ኣይኮነን።

ስርዓት ህግደፍ  እቲ ቁጠባዊ ፖሊሲኡ ከምቲ ኣብ ኮንፈረንስ ዝቐረጸ ኮይኑ ኣብ ክንዲ ቀንዲ ሃብቲ ሃገር ዝኾነ ዓያዪ ጉልበትን ጸጋታት መሬትን ባሕርን ዝኾነ ዕቑር ባህርያዊ ዓቕምታትን ንወሳኒ ተራ ናይ'ቲ ሓፋሽ ህዝብን ተራ ውልቀሰ ባት ሰብ ሃብትን ተራ መንግስትን ፈልዩ ኣብ ክንዲ ምስራሕን ቁጠባ ሃገር ዝዓብየሉ ኣንፈት ምሓዝን “ንሕና ብቑጠባ ርእስና ዝኽኣልና ኢና ካብ ወጻኢ ተመጽወቲ ኣይኮንናን” ብሓደ ሸነኽ ክብል እንከሎ ብኻልእ ሸነኽ ከኣ ናይ ጎረባብቲ ሃገራት ሃብቲ ንምዝማት ኣብ ናይ ኮንትሮባንድን ስርቅን ክሳብ ኣብ ናይ ሓሽሽን ኣጽዋርን፡ ሸርፌ ገንዘብን ዝውውርን፡ ኣብ ናይ  ነጋዶ ሰብን ስራሓት ተዋፊሩ እዚ ኣብ ዘይሰለጠሉ ኸኣ ኲናት ክሳብ ምውላዕ ዝበጽሓሉ ምኻድ ሓደ ካብቲ ምንቁልቋልን ውድቀትን ቁጠባ ኤርትራ ምኻኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ብሩህ እዩ ዝመስለና። ካልእ ንመላእ ዓቕሚ መንእሰይ ወለዶ ብስም ዋርሳይ ይከኣሎ ኣብ ዘይኣፍራዪ ስረሓት ኣብ ካምቦታት ጅሆ ሒዙ ኣብ'ቲ እቲ ገዛኢ ስርዓትን መሻርኽቱን መሳሰይቱን ዝጥቀሙሉ ዝተፈላለዩ ናይ ውሽጥን ምስ ወጻኢ ብሽርክነት ኣብ ዝሰርሕሉን ከም ጊላ ብዘይዕረፍቲ ደረት ዘይብሉን ንዓመታትን ክሰርሕን ክብዝበዝን ምግባር ክሳብ ክንደይ ናይ ሕ/ሰብና ማሕበረ-ቁጠባዊ ህይወት ተናጊዑ ንሓደጋ ተሳጢሑ ምህላዉ ዘብርህ እዩ። እቲ ኻልእ ካብ ናይ ዕደና ፍርያት ምስ ናይ ወጻኢ ኩባንያታት /ካምፓኒታት/ ብምሽራኽ ዝረኽቦ ኣታዊታት እንተርፎ ብብልሽውና ንዝጠስጠሰ ስርዓቱን መጋበርያታቱን ዝጥቀምሉ ደኣ እምበር ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራስ ካብዚ ባህርያዊ ጸጋታት እዚ ተጠቃሚ ኣይኮነን።

እዚ መዕነዊ ፖሊሲታት'ዚ ሒዙ እናተጓዓዘ ከኣዩ ኣብ ባይታ ዘይትግበሩ ናይ ሕልሚ እንጀራ ዝኾኑ “ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ሃገርና ኣብ ሲንጋፖር ክንቅይራ ኢና ምዕብልቲ ሃገር ክንሃንጽ ኢና” እንዳበለ ወግሐ ጸብሐ ገለ ንጹሃት ዜጋታት እንተኣታለልኩን ዕድመ ስልጣነይ እንተኣናዋሕኩን ኢሉ በብግዜኡ መልክዑ እናቐያየረ ጓንጓ ጭርሖታት ብምጭራሕን ኣጉል መብጽዓታት ክገብር ዝጸንሐን ዘሎን። ሕጂ ኣብዚ ቀረባ ጊዝያት ከኣ በቲ ብዝተወሰኑ ደረጃ ናይ ወጻኢ ናይ ዕደና ካምፓኒታት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ኮይኖም ፍርያት ክረኽቡ ትጽቢታት ኣብ ዝገብርሉ ዘለዉ ተንጠልጢሉ ብውሽጢ ውሽጥን ብቓልዕን መነባብሮ'ኹም ክመሓየሽ እዩ ተዓገሱና ጥራይ ዝብል ናይ ሓሶት መብጽዓታት ብጽዑቕ ክዋፍረሉ ይርከብ።

ካብዚ ሓሊፉ እውን እቲ ገባራይን ሓዳጋይን ርእሰ-ኩናት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብቲ ዝደሓረ ዘካየዶ ቃለ-ማሕትት "ኣብ 2015 ብዛዕባ ልምዓት ኣብ ኤርትራ እንታይ ንጽበ" ተባሂሉ ኣብ ዝቐረበሉ ሕቶ "ናይ ሰለስተ ወርሒ ግዜ ቆጸራ ሃበኒ እሞ ርግጸኛ ኮይኑ ዝነግረካ ተኣምር ኣለኒ" ኢሉ ነቲ ጋዜጠኛ ዝመለሰሉ፡ ካብ'ቲ ዝቐደመ ከቕርቦ ዝጸንሐ መብጸዓታት ሓሊፉ ነቲ ሕብረተ-ሰብ ሓድሽ ከምጸኣሉ ኣይክእልን'ዩ። እዚ ኣጉል ዘይትግበር መብጽዓ'ዚ እንተኾነ ሽኣ "ወኻርያስ ጻድቕ ክትመስል ዝዋውዕ ትኣስር" ከም ዝበሃል ድሕሪ 24 ዓመታት ሕጂ'ሽ ንመን ከታልል ደኣ'ዩ ተጸበየኒ ዝነግረካ ተኣምር ኣሎኒ ኢሉ ብጹእ ኮይኑ ክረአ ክመሻሽን ዝፍትን። እቲ ተኣምርስ ብግልባጡ ኮይኑ ዋላ እታ ንጉጅላዊ ረብሕኡ ዘውዕላ ዝነበረት ናይ ቢሻ ወርቂ እውን እንተኾነት ናጤባ ወዲቑዋ ከም ሞት ሕጹይ ዓው ኢልካ ዘይትዛረበሉ ኮይንዎ ብውሽጡ ሓሪሩ ተኣምር ሰሪሑ ከድሕና ኣይከኣለን። በዚ ሽኣ ቁጠባ ኤርትራ ዋላ ክንዲ ዝኾና ይኹና ብዙሓት ናይ ዕደናን ካልኦትን ካምፓኒታት እውን እንተኾና ኣብ ኤርትራ ኣትየን እንተሰርሓ ጥዑይ ደሞክራስያዊ ስርዓተ ምሕደራን፡ ህዝቢ ማእከሉ ዝገበረ ፍትሓዊ ክፍፍል ዕቁር ጸጋታት ሃገር ዘረጋግጽ ውሕሉል ቅኑዕ ፖሊሲ ናይ ልምዓትን ወፍርን /ኢንቨስትመንትን/ ከይተረጋገጸ በዚ ሕጂ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሕቡእን ገባትን ኣካይዳ ስርዓት ህግደፍ እዘን ዝጃሃረለን ዘለዋ ናይ ዕደና ካምፓኒታት እዚኣተን ክንዲ ዘምጽኣ ፍርያት የምጽኣ ብዘየገድስ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ክሳብ ዘይወዓላ ቁጠባዊ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ክንዲ ፍረ ኣድሪ ዝኸውን እውን ፋይዳ የብለንን። ስለ ዝኾነ ሽኣ ቁጠባ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ብልሽዊ ኣዕናዊ ፖሊሲታት ስርዓት ህግደፍ ናይ ምንቁልቋልን ውድቀትን ዕጫ ጥራይ ዘለዎ ደኣ እምበር ናይ ምሕዋይን ምዕባይን ዕድል የብሉን።

## [ኣረሜናዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ.ን<br>ኣዕናዊ ናይ ወጻኢ ፖሊሲታቱን ንምውጋድ ንቃለስ]()

ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ መስርሕ መሪር ኩለ-መዳያዊ ጭቆናን ቃልስን ናይ ህዝብታት ኤርትራ፡ ከም ውድብ ተወሊዱ፡ ኣብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ኤርትራ ልዑል ተራ ዝተጻወተ ስለዝኾነ፡ ኣብ ታሪኽ ዕጥቃዊ ቃልስና ንነጻነት ዓቢ ስፍራ ዝሕዝ ምዃኑ ዘይከሓድ ሓቂ'ዩ። ይኹን 'ምበር ካብ ምርግጋጽ ተራ ሃገራዊ ነጻነት ንላዕሊ፡ ናይ ሃገርና ዝተማለአ ነጻነትን ናይ ህብዝትታና ኩለ-መዳያዊ ሓርነታትን ናይ ምርግጋጽ ባህርን ዕላማን ዘይወነነ ሓይሊ ስለዝኾነ፡ ነዞም ዕላማታት እዚኣቶም ንምርግጋጽ፡ ኣብ ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መስርሕ ቃልሲ፡ ኣወንታዊ ተርኡ ኣይተጻወተን። ብኣንጻሩ ጸላኢ ብምዃን ንህዝብታትናን ሃገርናን ካብ ምርማስን ናብ ዓዘቕቲ ድኽነትን ስእነት ሰላምን ምስጣሕ ሓሊፉ፡ ንከባቢናን ዓለምናን'ውን ከይተረፈ፡ ሓደ ካብ'ቶም ጸረ-ሰላምን ምርግጋእን ኮይኖም ዝነጥፉ ሓይልታት ብምዃን ኣሉታዊ ተራ ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ዘሎ ኣዕናዊ ሓይሊ'ዩ።

መንግስቲ ህግደፍ ከም ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጨቋኒ ደርቢ መጠን፡ ዝኸተሎ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ/ዝምድናታት/ ካብ ንጹር መትከል ዘይብገስ፡ ካብ "ጸላኢ ጸላኢየይ ፈታዊየይ" ዝብል ኣብ ግዝያዊ ውልቃዊ ረብሓ ዝስረተ፣ ናይ ህዝብታት፡ ሃገራትን መንግስታትን ክብርን ልዑላውነትን ዘየኽብር፡ ብጉርሕን ሽርሕን ዝፍጸም፣ ሕድሕድ ምትእምማን ምድግጋፍን ሓቢርካ ምጥቃምን ምዕባይን ዘየረጋግጽ፣ ምስ ናይ ከባብያውን ዓለማውን ሕግታትን ውሳኔታትን ዝጓነጽ፡/ዝጥሕስ ዘይምእዘዝ/ ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ረብሓን ልዑላውነትን ብዋጋ ጉጅላዊ ረብሓኡ ኣሕሊፉ ዝህብ፡ ናብ ዝተፈላለዩ ሓደጋታት፡ ተነጽሎን ማዕቀብን ዘሳጥሕን ዘዳኽምን፡ መጻኢ ልዑላውነት፡ ሓድነት ሃገርናን ህዝብታትናን ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱን'ዩ።

መንግስቲ ጉጅለ ህግደፍ ዝኸተሎ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ /ዝምድናታት/ ከም'ዚ ብመጠኑ ዝጥቀስ ዘሎ ስለ ዝኾነ'ዩ ድማ፡ ብኢደ ወነኑ መንግስታዊ ስልጣን ካብ ዝጨበጠሉ ግዜ ጀሚሩ፡ ናይ ከባቢና ሓያል /ጎብለል/ ናይ ምዃን ሕልሙ ከረጋግጽ ክብል፡ ገለ ግዜ ዕሱብ/ልኡኽ/ ናይ ሓያላትን ኣብ ከባቢና ረብሓ ዘለወን ብምዃን ክሳብ መንግስታዊ ስልጣን ናይ ካልእ ሃገር /ሱዳን/ ብሓይሊ ንምቕያርን፡ ካልእ ንዕኡን ንዓሰብቱን ዝሰማማዕን ዝምእዘዝን መንግስቲ ንምጥያሽ እናፈተነ፡ መጠነ ከቢድ ናይ ሰብ ሞትን ስንክልናን ቁጠባዊ ክሳራን ኣስዒቡ'ዩ። ኣብ ግለ ግዜ ድማ ሓያልነቱ ንምርኣይን ዘይግበኦ ጠቕምን ክብርን ንምርካብን ክብል ናብ ልዕሊ የመንን ጅቡትን ወተሃደራዊ ስጉምቲ ብምውሳድ፡ ንጹህ ደም ክፈስስን ህይወት መንእሰያትና ንከንቱ ክኸፈልን፡ ብርክት ዝበሉ ንስንክልና ክሳጥሑን ካብ ምግባር ሓሊፉ፡ ምስ ኣሕዋት ህዝብታት የመንን ጅቡትን ዘየድሊ ቅርሕንትን ምጥርጣራትን ክፍጠር እናሰርሐ መጺኡን ሕጂ'ውን መሊኡ ዝሓደጎ ኣይኮነን።

ከምኡ'ውን ኣብ ሶማልያ ዝተፈጥረ ዓመታት ዘቑጸረ፡ ፖለቲካዊ ጸገማት ከም ጽቡቕ ኣጋጣሚ ተበሊጹ፡ ምስ ብኸባብን ዓለምን ዘይድገፍ /ዝኹነን/ ምንቅስቓስ ኣል-ሸባብ ብምምሕዛው ናብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ጎናዊ ኲናት ንምክያድን፡ ብዋጋ

*ዕሱብነቱን ደላላይነቱን ካብ ዓሰብቱ ሓይልታት ገዚፍ ማተርያላውን ገንዘባውን ረብሓ ንምርካብን ክብል፡ ኣብ ሕጊ ኣልቦን ኲኑን ስራሕቲ ስለዝተዋፈረ፡ ናብ ተደጋጋሚ ኲነነን ማዕቀብን ከም ዝተሳጠሐ ዝዝከር'ዩ።*

*ብተመሳሳሊ ካብ ኢትዮጵያ ዝረኸቦ ዝነበረ ሓለፋ ቁጠባዊ ረብሓ ዘስእን፡ ብሕግን ብማዕርነትን ክስራሕ ዘማእዝን፡ ሓባራዊ ኲለ-መዳያዊ ጠቕምን ዕቤትን ዘረጋግጽ ስምምዕ ክግበር ዝጠልብ እማመን ሰላማዊ ብደሆን ኣብ ዘጋጥመሉ ወቕቲ፡ ብሓይልን ዓመጽን ንምዕጻፍን ቀጻሊ በይናዊ ረብሓ ንምርግጋጽ ክብል ናብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ብናይ ዶብ ሕቶ ኣመሳሚሉ ዝኸፈቶ ውግእ፡ ኣዕናዊ ስጉምቲ'ዩ ኔሩ። ብሳዕቤኑ ህዝብታትና ዝኸፈልዎ ናይ ህይወት፡ ስንክልናን ነገራውን ገንዘባውን ዋጋ ድማ፡ ካብ'ቲ 30 ዓመታት ዝወሰደ መሪር ጸረ-ባዕዳዊ መግዛእታዊ ቃልሲ፡ ዝኸፈልዎ ኲለ-መዳያዊ ዋጋ ናይ ቃልሲ ዘይንእስ፡ ኣብ ዘይቕኑዕ ኲናት ክኸፍሉ ተገዲዶም'ዮም። ብተመሳሳሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ'ውን ብሰንኪ ሕግን ስርዓትን ዘይክተል፡ ወራሪ ጉጅለ ህግደፍ ናብ ልዕሊኦም ዝጻሕተሮ ውግእ መጠነ ሰፊሕ ናይ ሰብ ህይወት፣ ናይ ኣካል ስንክልናን ቁጠባዊ ክሳራን ከፊሎም'ዮም። ክልቲኦም ኣሕዋት ህዝብታት ድማ፡ ሕውነቶም ኣደልዲሎም፡ ብምትእምማንን ምድግጋፍን ናብ ናይ ሓባር ጠቕምን ዕቤትን ከይምርሹ'ውን ዓቢ ዕንቅፋት ፈጢሩን በሰልኡ ክሳብ ሕጂ ክሕከኽ ዘይተኻእለን ዘሎን'ዩ።*

*እቲ ኣብ የመን ተኸሲቱ ዘሎ ናይ ሑቲ ምንቅስቓስ፡ ነቲ ብሕጊ ዝተመርጸ መንግስቲ ብሓይሊ ዘወገደ ንዞባናን ዓለምን ዝትንክፍ ትርእዮ'ዚ፡ ስርዓት ህግደፍ ግዝያዊ ረብሓታት ክምእርር ክብል፡ ኢድ ምትእትታው ዝገበረሉ ኮይኑ፡ ንኤርትራን ህዝባን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ሓደ ካብ'ቲ ሰራም ናይ ወጻኢ ፖሊሲኡ ተርእዮ'ዩ።*

*መንግስቲ ህግደፍ ስሱዕን ብሕጊ ዘይግዛእ ፍሉይ ቁጠባዊ ረብሓን ፖለቲካዊ ዝናን ንምርካብ ክብል፡ ናብ ጎረባብቲ ህዝብታትን ሃገራትን /ጸላእተይ'የን ዝብለን ሃገራት/ ንምድኻም፡ ብኢደ-ኣዙር ዝተፈላለዩ ተቓወምቲ ምንቅስቓሳት፡ ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ከም ፖለቲካዊ ካርድ መጣልዒ ብምጥቃም፡ ክሳብ ምስ ልዑላውነት ኤርትራን ህዝብታታን ዘይኣምኑ ሓይልታት ዝምድና ብምፍጣር፡ ማተርያላውን ገንዘባውን ምንጪ ንምርካብ ክብል፡ እናፈጸሞም ዝመጸን ዝፍጽሞም ዘሎን ኣዕነውቲ ተግባራት፡ ኣብ ኲሎም ክበሃል ዝከኣል፡ ብስዕረትን ከቢድ ክሳራን እናፈሸለሎም ዝመጸአ'ኳ እንተኾነ፡ ሎሚ'ውን ብኣሰካፊ መልከዖም፡ ብዝተፈላለየ ሜላ ኣብ ምክያድ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። እዞም ኣፍረስቲ ተግባራት እዚኦም ድማ፡ ሳዕቤኖም ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርዱ ዘለው ጨቕናን ምዝመዛን፡ ኣድልዎን ስእነትን ድኽነትን ዘየቋርጽ ዋሕዚ ስደትን ተነጽሎን ብዝኸፍአ መልከዖም ክቕጽሉ ዝድርኽ፡ ንህዝብታትናን ሃገርናን ናብ ዝኸፍአ ናይ ውድቀትን ምብትታንን ሓደጋ ስግኣት ዝደፍእ'ዩ ዝኸውን።*

*ምኽንያቱ መንግስቲ ህግደፍ ዝኽተሎ ዘሎ ኣዕናዊ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ/ዝምድናታት/ን ካብኡ እናተበገሰ ዘካይዶ ዘሎ ኣፍራሲ ተግባራትን ኣካል ኣምሳል ናይ'ቶም፡ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ...ወዘተ መዳያት ዝኽተሎም ዘሎ ኣፍረስቲ ፖሊሲታት ስለዝኾኑ። ስለዝኾነ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ናይ ወጻኢ ዝምድናታቱ ዝፈጥሮም ዘሎ ዝተፈላለዩ ጸገማትን ዕንቅፋታትን፡ ከስዕብዎ ዝኽእሉ ዳሕረዋይ መዘዝን ምውጋድ ዝከኣል ጉጅለ ህግደፍ ዕላምኡ ንምዕዋትን ረብሓታቱን ንምርግጋጽን ቀጻልነት ክህልዎም ንምግባርን ክብል፡ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ...ወዘተ ዘነጣጥፎም ዘሎ፡ ኲለ-መዳያዊ ፖሊሲታትን እከይ ተግባራትን ብቓልሲ ምስዓር ምስ ዝከኣል ጥራሕ'ዩ። ምኽንያቱ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ብቓልሲ መሊእና ከየወገድና፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክንውድብ፡ ሰላምን ምርግጋእን ብምርግጋጽ ፖለቲካዊ ነጻነት፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልን ቁጠባዊ ሓርነትን ብምጭባጥ ንገዛእ ርእስና፡ ሰላምን ምርግጋእን ረኺብና፡ ምስ ናይ ጎረባብትና ህዝብታትን ሃገራትን ኣብ ሕውነትን ምትእምማንን ማዕርነታዊ ሓባራዊ ረብሓን ዝተሰረተ፡ ዘተኣማምን ዝምድና ብምፍጣር ሓባራዊ ዕቤት ከነረጋግጽ ኣይንኽእልን ኢና።*

*ብሓጺሩ ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍ ክሳብ ዝሃለወ፡ ኣብ ከባቢና ሰላምን ምርግጋእን ንምስፋን ኣወንታዊ ተራና ክንጻወት ይኹን፡ ምስ ጎረባብትና ጥዑይ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ዝምድናታት ኣብ ምፍጣር ዘይንበቕዕ፡ ብኣንጻሩ ከም'ዚ ሕጂ እንሓልፎ ዘለና፡ ኲለ-መዳያዊ ወጽዓን ጸገማትን እናተሳቐና፡ ኣብ ናይ ተነጽሎ ደሴት ብምኻን ናይ ውድቀትን ምብትታንን ሓደጋ እናንጸላለወና፡ ንዘይተወሰነ ግዜ ክንቅጽል እንግደድ ኢና እንኸውን።*

*ስለዝኾነ፡ ኣረሜናዊ መንግስቲ ህግደፍ፡ ኲለ-መዳያዊ ወጽዓን ምዝመዛን ዋሕዚ ስደትን፡ ስእነተ ሰላምን ምርግጋእ፡ ግህሰት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፡ ስእነትን ድኽነትን፡ ዓሚቕ ተነጽሎን ተላቒቕና፡ ኲለ-መዳያዊ ምዕሩይ ህይወት ክንመርሕ እንኽእል፡ ጠንቂ ናይ'ዞም ጸገማት እዚኣቶም ዝኾነ ጽግዕተኛ ስርዓት ህግደፍ፡ ምስ ኣዕናዊ ፖሊሲታቱን ናይ ጭፍጨፋን ዓፈናን መሓውራቱን ብቓልሲ ከነወግድ ምስ እንኽእል ጥራሕ ስለዝኾነ፡ ህዝባውን ሃገራውን ዓቕሚታትና ኣወሃሂድና ኣንጻር ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ፡ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልስና ኣደልዲልና ናብ ምሉእ ዓወት ንምብጻሕ ንቃለስ።*

## ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይ ርሑቕን ቀረባን ዕላማታት ብኸመይ እንተቐረቡ'ዮም ሓፋሽ ዝመሃረሎም?

ኣብ በበይኑ እዋናት፡ ብበበይኖም ጸሓፍቲ፡ ተንተንቲ ፖለቲካ ተደጋጊሙ ከም ዝተገልጸ፡ ፖለቲካዊ ቃልሲ ካብ ፖለቲካዊ ወጽዓ'ዩ ዝብገስ። እቲ ወጻዒ ግዳማዊ ወይ ዘቤታዊ ክኸውን ይኽእል። እቶም ውጹዓት ዘልዕልዎ ሕቶ ብቐጥታ ምስ ግዳማዊ መግዛእቲ ዝተተሓዘ እንተኾይኑ፡ ሕቶ ነጻነት ሃገርነት ኣቐዲሙ፡ ግን ከኣ ምሉእ ህዝባዊ ሓርነት ንምትንጻፍ ዝዓለመ ክኸውን ባህሪያዊ'ዩ። ምስ ዘቤታዊ መግዛእቲ ዝተኣሳሰረ እንተኾይኑ ድማ፡ ብጥቕልሉ ገሊኦም ኣንጻር ደርባዊ ወጽዓ ገሊኦም ከኣ ኣንጻር ደርባውን ብሄራውን ወጽዓ ዝተሰለፉ ክኾኑ ይኽእሉ። እቲ ግርጭት ብሰላማዊ ደሞክራስያዊ መንገዲ ክመሓደር ኣብ ዘይኽእለሉ፡ ናይ ግድን ብቓልስን ብቓልስ ጥራሕ ሰዓራይን ተሰዓራይ ዝረጋገጸሉ፡ ኣብ ደረጃ መሰረታዊ ግርጭት ዝማዕበለ እንተደኣ ኮይኑ ድማ፡ ናይ'ቶም ንነጻነት ንሓርነት ዝቃለሱ፡ ወገን ውጹዓትን ብዱላትን ዝኾኑ ሓይልታት ብፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ነገራት ብዓይኒ ደርባዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያን እናዓቀኑ፡ ሓፋሽ ኣብ ጎኖም ዘዕስል ስትራተጂን ስልትን ሓንጺጾም፡ ብጽንዓትን ተወፋይነትን ክምክትዎ ይግባእ።

ፖለቲካዊ ውድባት፡ ነቲ ክውገድ ኣለዎ ዝብልዎ ዓማጺ ስርዓት፡ ብደርባዊ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ተንቲኖም፡ ናብ ህዝቢ፡ ደሞክራስን ፍትሕን ዘለዎም ወገናዊ ቅርበት ኣነጺሮም፡ ስትራተጂን ስልትን ሓንጺጾም፡ ክገጥምውዎ ኣለዎም ክበሃል እንከሎ ግን፡ እቲ ደርባዊ ፍሕፍሕ፡ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ፡ ህዝባዊ ወገንተኛነት፡ ናብ ደሞክራስን ፍትሕን ዘወገነ ኣካይዳ፡ ኣብ ውሽጦም ክካትዕሉ ክምህርሉ ክቃለሱሉ የብሎምን ማለት ኣይኮነን። ንሳቶም'ውን ከም ነናቶም ኣረኣእያን ዝንባሌን ዘለዎም ፖለቲካዊ ውድባት መጠን፡ መን እንታይ ኣረኣእያኡ፡ ኣበይ ማሕበራዊ መሰረቱ፡ ናብ መን ቅርበቱ፡ ተደናጋጽነቱ፡ ስትራተጂካዊ ውጥኑን ስልታዊ መደባቱን ብንጹር ተለልዩ፡ ኣሰላልፋ ሓይልታት ብግቡእ ተሰሪዑ ክቕመጥ ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ታሪኽ፡ ነጻነታዊ ኮነ ሓርነታዊ ቃልሲ ዘካየዱ ብዙሓት ምንቅስቓሳት ብተግባር ከምዝተራእየ፡ ገለ ካብ'ቶም ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ተሰሊፎም። ነጻነት፣ ሓርነት፣ ደሞክራሲ፣ ፍትሒ፣ ማዕርነት፣ ሓድነት፣ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ዝጭርሑ፡ ናይ ቦታን ግዜን ጉዳይ እንተዘይኮይኑ፡ ድሕሪ ነጻ ምውጻእ ናይ'ታ ሃገር ብፖለቲካዊ ተፈጥሮኦም ካብ'ቲ ዝኹንንዎ ዝኸስዎ ዝነበሩ ዘይፍለዩ፡ ኣብ ቃሎም ዘይጸንዑ ምዃኖም'ዩ። ኣንጻር ዝተሓንገጥዎ ጭርሖ፡ ንህዝቢ ዝኣተውዎ መብጽዓ ክስለፉ ዘየሕፍሮም ዘይእግሞም ምዃኑ'ዩ። ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ንሃገራዊ ነጻነት ናይ ሽዑ መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ ሎሚ መሪሕነት ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ እንታይ ይብል እንታይ ይጭርሕ ኔሩ፡ ሕጂ'ኸ ብተግባር እንታይ ይብልን ይሰርሕን ኣሎ ጭቡጥ ኣብነት'ዩ። እዚ መን ኣበይ ሃገር ኣብ ዝብል ዝርዝር ከይኣተና፡ ቅድመናን ድሕረናን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝተኻደ ቃልሲ'ውን ብተግባር ዝተራእየ ሓቂ'ዩ።

ስለዚ ብፍላይ ከም'ዚ ሎሚ ኣንጻር ፍጹም ዘቤታዊ መላኺ ጉጅለ፡ ንህዝባዊ ሰላም፣ ንህዝባዊ ሓርነት፣ ንህዝባዊ ደሞክራሲ ነካይዶ ዘለና ቃልሲ ምስ ዝኸውን፡ ኣብ ውሽጥና ዝኾነ ፍልልይ ከምዘይብልና፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ጥራሕ ንዛረብ፣ ንጽሓፍ፣ ንምሃር ንመሃር ዝብል ኣገንዝቦ ክተሓዝ ቅኑዕ ኣይኮነን። እቲ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ብመሰረት ኣብ ኣሰራርዓ ኣሰላልፋ ሓይልታት ቀዳማይን ካልኣይን ኢልና ዘቐመጥናዮ፡ ቀዳምነት ናብ'ቲ ህዝቢ ዘብርስ ዘሎ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ትኹረት ብምግባር፡ ኣንጻሩ ብሓባር ከስረሕና ኣብ ዝኽእል ነጥብታት ኣለሊናን መሰረት ጌርናን ጠማሪ ዝኾነ ግንባር ወይ ግንባራት ፈጢርና ምቅላስ'ዩ።

ካልኣይ ነቲ ኣብ ውሽጥና ብፕሮግራም፡ ብባህሪ ድዩ ብተመክሮ ንፈላለየሉ መትከላት ከይሓባእና ከይነሓፍና እምነታትና ብእሩምን ሓላፍነታውን ኣገባብ ክንበሃሃለሉ ኣለና። ናብ ዘይተደላዪ ጎነጽ ዝወስድ መንገዲ ገዲፍና፡ ኣብ ሓጺር እዋን ቀዳማይ ጸላኢና ስርዓት ህግደፍ ንምእላይ፡ ህዝቢ ኣብ ዙርያና ንምዕሳል ተቐባልነትን ሓይልን ክፈጥረልና ይኽእል'ዩ ኢልና ብነዊሕ ብፕሮግራም ደረጃ ዝረኣናዮ ግድን ክንምህረሉ ክንውድበሉ ኣለና። ጽባሕ ቀዳማይ ጸላኢ ምስተወገደ ህዝቢ ኤርትራ ብከምዚ እንተተመሓዲሩ፡ ውሽጣዊ ሰላም ይረክብ፡ ምስ ጎረባብቱ ብምክብባር ይነብር፣ ዘተኣማምን ደሞክራስያዊ ትካላት ይህልዎ፣ ልዕልና ግዝኣተ ሕጊ ይሰፍን፣ ኣብ መንጎ ዜጋታት ዝጸንሐ ድሑር ናይ ልዕለ ትሕትነት ኣተሓሳስባታት ይበሊ፡ ማዕርነታዊ ደሞክራስያዊ ሓድነት ዝሰፈኖ ምክብባር ይህነጽ፡ ህዝቢ ከም ህዝቢ ኣብ ጉዳዩ ወሳኒ ተራ ይጻወት፡ ካብ ድሕረትን ድኽነት ድማ ይናገፍ ተባሂሉ ዝተታሕዘ መትከላዊ እምነታት፡ ፈጺሙ ክሕባእ ወይ ብሕድገት ክውንዘፍ ኣይኽእልን ኣይግባእን ድማ። እዚ ናይ ነፍስ ወከፍና ፖለቲካዊ መንነት መግለጺ ምዃኑ ተገንዚብና ፈታውን ጸላእን ብዝፈልጠ ዓው ኢልና ክንዘራበሉ ክንበቅዕ ኣለና። እዚ ግድን ከም ፖለቲካዊ ውድባት ክንብሎ ክንገብሮ ዘለና ኣረኣእያና'ዩ። ንካልኦት ንምኹራይ ወይ ንምሕጓስ ዘይኮነ እምነትና ስለዝኾነ፡ ክንብሎ ድማ ስለዘለና ንብሎ'ዩ። እቲ ሓደ ነቲ ካልእ በዚ ምዕቡልን ኣወንታውን ኣጠማምታ'ዚ ከንብቦ ኣለዎ። ካብ'ዚ ብዝተረፈ ዋላ እምነትካ ይኹን ኣረኣእያኻ ይኹን ከይትዛረበሉ። ከምኡ ምባል ወይ ምግባር ናይ ለውጢ ዕንቅፋት'ዩ። ከይንሕይል ዘዳኽመና'ዩ ዝበሃል ኣዘራርባ ክግራሕ ኣለዎ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ፖለቲካዊ ድሕረት መሰረት ዝገበረ ጎስጓስን ውደባን ያዕ ክበሃል ኣለዎን ይግባእን።

**ፖለቲካዊ ውድባት ኩሉ ግዜ ክንብሎ ዘለና፡** ከም ኣብነት ውድብና ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ከነቕርብ፡ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተመሓየሸን እናማዕበለን ዝመጸ፡ ከም ውድብ ዝቐመሉ ዝልለየሉ ዝተሰነደ ንጹር ፖለቲካዊ ፕሮግራም ዘለዎ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ውድብ'ዩ። ኣብ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ 17 ሚያዝያ 2014 ዝጸደቐ መደብ-ዕዮኡ ድማ ከም'ዚ ዝብል ሰፊሩ ንረክብ፡ ሀ. ምምስራት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ 1. ንጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጽግዕተኛ መንግስቲ ህግደፍ፣ 2. ብዝተፈላለየ መልከዓት ንክብርን መሰልን ረብሓን ህዝብታት ኤርትራ ናብ ረብሓኦም

ንምውዓልን ናይ ሃገርና ልዑላውነትን ነጻነትን ንምግሃስን ዝተኣታተው ናይ ወጻኢ ሓይልታት፣ 3. ንድሕረትን ድኽነትን መሰረት ዝኾነ ተረፍ-መረፍ መስፍናዊ ኣተሓሳስባን ባህልን ንምውጋድ ዘይሕለል ጽኑዕ ሰውራዊ ቃልሲ ምክያድ። 4. ንጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጽግዕተኛ ስርዓት ህግደፍን መሻርኽቱን ጠቕሚ ንምርግጋጽ ዝቐመ ጸረ-ህዝቢ መሳርሒታት ምሉእ ብምሉእ ብምውጋድ፡ ብህዝባዊ ደሞክራስያዊ መስመር ዝምራሕ፡ ናይ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ መሰልን ረብሓን ዘረጋግጽ፡ ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ኤርትራ ምምስራት። ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ኮይኑ ንናይ ጭቆና መሳርሒታት ከገልግል ዝጸንሐ ማሕበረ-ቁጠባውን ፋይናንሳውን ትካላት ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ፡ ብዝተጸንዐ መንገዲ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ክውዕል ምግባር ይብል።

ቀጺሉ፡ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ድማ፡ ናይ ገዛእቲ ደርብታት ናይ ጭቆናን ጭፍጨፋን መሓውራት ብምውጋድ፡ ምሉእ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ኢድ ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ክኣቱ ምግባር፡ ሀ. ሓፋሽ ህዝቢ ካብ ዝተሓተ ቁሸት ጀሚሩ ክሳብ ዝለዓለ ሃገራዊ ባይቶ፡ ብነጻ መራሕቱ ዝመርጸሉ ዝቆጻጸረሉ፡ እምነት ኣብ ዝስእነሉ ከኣ ዝቕይረሉ ደሞክራስያዊ ኣሰራርሓ ዘኽብር ፖለቲካዊ ስልጣን ምርግጋጽ።ለ. ኣብ ኩሉ መዳያት ተኻቲዑ ኣብ ዘመሓላልፎ ውሳኔታት፡ ምሉእን ቀጥታው ነጻ ተሳትፎ ክህልዎ ዘፍቅድ ሕገ-መንግስቲ ዝምራሕ፡ ነዚ ብተግባር ዘረጋግጽ ህዝባዊ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምትካል። ሐ. ፍቶታዊ ደሞክራስያዊ ሓድነት ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኤርትራ ማእከል ዝገበረ፡ ንፈደራላዊት ደሞክራስያዊት ሃገረ ኤርትራ፡ ህዝቢ፡ መሬት፡ ባሕርን ሰማያትን ክልል ልኡላዊ ሓድነት ውሑስ ክኾውን ምግባር። መ. ብፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ቅርጻ መንግስቲ ዝተኣሳሰሩ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ፡ ብነጻ ድሌቶም ዝኣትውዎን ዝቐርጽዎን ሕገ-መንግስቲ ብምግባር፡ ከባቢኦም ባዕሎም ከመሓድሩን ክቆጻጸሩን ዘኽእሎም ስርዓተ ምምሕዳር ይህልዎም።

ደሞክራስያዊ መሰላት ኣብ ትሕቲ ዝብል ንኡስ ኣርእስቲ ድማ ከም'ዚ ይብል፡ 1.ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ፈደራላዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ሕቶ ፖለቲካዊ ስልጣንን ሃብትን ብፍትሓውን ማዕርነታውን መንገዲ ዝመቓርሕሉ ብቁዕ ስርዓት ምሕደራ ክረጋገጸሎም ምቅላስ። 2. ሓፋሽ ህዝብታት ኤርትራ ብዝመረጽዎ መልክዕ ናይ ምውዳብ መሰል ብዘይደረት ምሕላው። 3. ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳነ ብዘይገደብ ክረጋገጽ ብመትከል ምእማንን ንተግባራውነቱ ምቅላስን። 4. ናይ ገዛእቲ ደርብታት ናይ ዓፈናን ጭፍጨፋን ወተሃደራዊ መሓውር ብምውጋድ፡ ብፖለቲካዊ ንቕሓቱን ሰውራዊ ስነ-ስርዓቱን ዝማዕበለ፡ ንናይ ሓፋሽ ህዝቢ ጠቕሚ ናይ ሃገር ነጻነትን ክብርን ንምክልኻል መሳርሒ ኮይኑ ዘገልግል፡ ንደሞክራስያዊ ሕገ-መንግስቲ ተገዛኢ ዝኾነ፡ ካብ ህዝቢ ዝወጸን ንህዝቢ መሰረት ዝገበረን ድልዱል ህዝባዊ ሰራዊት ምህናጽ። 5. እቲ ዝህነጽ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ውሽጣዊ ኣሰራርሓኡ ደሞክራስያዊ ህይወት ዘለዎ። ዝቐመሉ ዕላማ ብንጹር ዝተረደአ፡ ካብ ፖለቲካዊ ሃገራዊ ጉዳያት ዘይተነጸለ ግን ከኣ ኣባል ናይ ዝኾነ ሰልፊ ዘይኮነ ክኸውን ምግባር።

እቲ ብ፩፺ ሚያዝያ ፪0፩፬ ዝጸደቐ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መደብ-ዕዮ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡ ኣብ ምጣኔ ሃብታዊ መዳይ፡ ኤርትራ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግደፍ ክትክተሎ ዘለዋ ኣንፈት ከብርህ እንከሎ ድማ፡- ንክብሪ፡ መሰልን ረብሓን ጭቁናት ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ረብሓኦም ንምውዓል ዝተኣታተው ናይ ወጻኢ ሓይልታትን ጽግዕተኛ ርእሰ ማልነትን ምጣነ-ሃብታዊ ትሕዝቶ ብምውጋድ፡ ንሓፋሽ ዘርብሕ ካብ ጽግዕተኝነት ዘናግፍ፡ ምዕሩይ ምጣነ-ሃብታዊ ምዕባለ ንምርግጋጽ ምቅላስ። ከምኡ'ውን ንዋንነት መሬት ዝምልከት ናይ ገጠርን ከተማን መሬት ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ሓባራዊ ንብረት ኮይኑ፡ ኣይሽየጥን ኣይልወጥን። ብሓረጣ ኣይተሓዝን። ብህዝባዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ድማ ይመሓደር ይብል። እዚ ካብ'ቲ ብዝርዝር ሰፊሩ ዘሎ መትከላት ገለ መርኣያ'ዩ። ኩለን ፖለቲካዊ ውድባት ድማ ይሓይሽ ኢለን ዝኣምናሉ ዝተወደባሉ ፕሮግራማት ኣለወን። ኣብ ገሊኡ ምስ'ዚ ናይ ደግሓኤ ዝሰማማዕ'ዩ። ገለ ከኣ ብሰንጠቕ ዝጻረር'ዩ።

ስለዚ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ነዞም ከም ኣብነት ዝተገልጹን ካልኦትን እምነቱ፡ ከይተሰከፈ ከይተሸማቐቐ ከዕምቖም ህዝቢ ክፈልጦም ዓው ኢሉ ክምህረሎም መሰሉ'ዩ። መሰሉ'ዩ ጥራሕ ዘይኮነ ግድን ክገብሮ ዘለዎ'ዩ። ደሞክራስያዊ ባህሪኡ ዝዓደሎ ኣረኣእያኡ'ዩ። እዚ ኣብ መንጎ ኣንጻር ምልኪ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ዘለው ፖለቲካዊ ውድባት ካብ ሰላማዊ ክትዕ ሓሊፉ፡ ዘባእስ ዘጋጩ የብሉን። ንቕድሚት ዘሰጉም ደኣምበር ንዓወትና ኣይደናጉን። ካልኦት ውድባት'ውን ብተመሳሳሊ ማለት'ዩ። ኣብ ፕሮግራምካ ኣረኣእያ መሰረት ጌርካ ዝግበር ጎስጓስ፡ ዝወሃብ ኣስተምህሮ፡ ኩለን ፖለቲካዊ ውድባት ክበሃሃላሉ ክሰርሓሉ ክተባባዕ ጥራሕ'ዩ ዘለዎ።

**ክንብሎ ዘይብልና'ኸ እንታይ'ዩ?** ኩለን ፖለቲካዊ ውድባት ከም ፖለቲካዊ ውድባት ክጽየናኦ ብንቕሓት ክገርሓኦን ካብ ነብሰን ከርሕቓኦን ዘለወን ብትምክሕቲ ይኹን ብጽበት ዝግለጽ ፖለቲካዊ ድሕረት'ዩ። ንህዝቢ ኣብ ክንዲ ኣብ'ቲ ብወግዒ ትፈለጠሉ ፕሮግራምን ኣረኣእያን ተጨብጦን ተዕስሎን፡ በዓል እከለ ኣይ ደቂ ብሄርካን፣ ኣይ ደቂ ሃይማኖትካን፣ ኣይ ደቂ ከባቢኻን፣ ስለዚ ደቂ-ብሄርካ፣ ሃይማኖትካ፣ ከባቢኻ ኣብ ዘለውዎ ተወደብ ተሰልፍ እናበልካ ብቕሉዕን ብስቱርን ምጉስጓስ'ዩ። ብፖለቲካዊ ንቕሓቶም ህዝባዊ ወገናውነቶም ተወፋይነቶም ቅድሚት ንዝኸዱ ኣብ ክንዲ መሊስካ ምትብባዕ፡ ኣብነቶም ተኸቲልካ ኣረኣእያኻ ምስትኽኻል፡ ተጊህካ ምስራሕ፡ ዘይስሞም እናሃብካ ከተጸልሞም ከተዕንቅፎ ምንጣፍ'ዩ። በቲ ዝበሰለ ኣገባብ ብሓይሊ ሓሳብ ምስተ ሰዓርካ ኮርንፍ ምባል ብወድዕነቱ ፈታዊኻ ንዝኾነ ውድብ፡ ማዕረ ቀዳማይ ጸላኢ ሰሪዕካ ኣነ ወይ ንስኻ እናበልካ ምፍካር'ዩ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ኣይኮነን ሃገር ከደን ሽግራት ክፈትሕ፡ ነቶም በዚ መልክዕ ዝተኣኻኸቡ ወገናት'ውን ናይ ግዜ ጉዳይ እንተዘይኮኑ ሰላምን ስኒት ዝህቦም ኣይኮነን። ስለዝኾነ 'ምበኣር፡ ቀዳማይ ጸላኢና ስዒርና ህዝብና ካብ ምብትታን ከነድሕኖ እንተደኣ ኮይና፡ ብዘይ ስኽፍታ ክንብሎ ዘለናን፡ ፈጺምና ክንጽየኖ ክንብሎ ዘይብልናን ክንፈሊ ይግባእ።

# ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ

## ፖለቲካዊ ውድብትና ስጡም ናይ ኣረኣእያ ሓድነት ክገብራ እንተዘይበቒዓ፡ ተመሓዝየን ከይሰርሓ እንታይ ይእግመን?

ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ ፖለቲካዊ ውድባት ሓቀኛ ናይ ኣረኣእያ ሓድነት ክሪኡ ሃረር ክብሉ፡ ንግብራውነቱ ኣብ ዝተፈላለየ ግዝያት፡ ዝተፈላለየ ፈተነታት ክገብሩ ምጽናሖም፡ ብሩህ ይመስለኒ። ዛጊት ሕጂ'ውን ብወገን ህዝቢ፡ እቲ ሓቀኛ ናይ ስምረት ባህጊ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ኣላሽ ኣይበለን። ከም'ቲ ገለ ተዛረብቲ ንሕቶ ሓድነት ኣመልኪቶም ክዋዘዩ እንከለው፡ ካብ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ እቲ ዘይተወደበ ህዝቢ ይልብም ኢሎም ዝገልጽዎ፡ ባህጊ ሓቀኛ ሓድነት ትማሊ ኮነ ሎሚ ኣብ ህዝቢ ልዑል ቦታ ኣለዎ። ውድባት ኤርትራ መን ላዕለዋይ ኢድ ሓዘ ሜዳ ኤርትራ ተቆጻጸረ፡ ኣነ ወዲ ሃይማኖትካየ'ሞ ነዓይ ምሰል፡ ኣነ ወዲ ከባቢ'ኻየ'ሞ ምሳይ ተወደብ ኢሎም ብድሕረት ክጉስጉሱ፡ ዝጭበጥ ፖለቲካዊ መመኽነይታ ዘይብሉ ደማዊ ኲናት ሕድሕድ ወሊዖም፡ ሓደ ፖለቲካ ዝእምነቶም ደቂ-ሓንቲ ማህጸን ዝኾኑ ተጋደልቲ ክተሓራረዱ እንከለው፡ ህዝቢ በቲ ተግባር ጉህዩ ደኣምበር ከም ህዝቢ ሓድነቱ ኣይላሕለሐን። መንገዲ ፖለቲካዊ ውድባት ተኸቲሉ ኣይተተፋነነን። እቲ ሓደ ብሄር ነቲ ካልእ ብሄር፡ እቲ ሓደ ሃይማኖት ነቲ ካልእ ሃይማኖት፣ እቲ ሓደ ካባቢ ነቲ ካልእ ከባቢ ከቆናጽብ፡ ጸገም እንከጋጥም እንቋፅ ኮነ ኢሉ ክሕጎስ፡ ኣማዕድዩ ክዕዘብ ኣይተራእየን። ስለዚ እቲ ብተዋዘይቲ ዝተባህለ ሚዛን የብሉን ክበሃል ኣይከኣልን።

ንፖለቲካዊ ውድባት ቀልጢፎም ከይፍለጡ፡ ከይዓብዩ፡ ሽቶኦም ከይሃርሙ፡ ዝኸበደ ብደሆ ዝኾኖም፡ ኣረኣእያኦም ኣብ ህዝቢ ንምስራጽ ዝገብርዎ ጻዕሪ ድኹም ምዃኑ'ዩ። ተበታቲኑ ዕለታዊ ማሕበራዊ ህይወቱ ዝመርሕ ሓፋሽ ካብ ግጉይ ኣተሓሳስባ ኣውጺእካ፡ ቅኑዕ መንገዲ ከተጨብጦ፡ ሓያል ድኻም፡ ግዜ፡ ፖለቲካዊ ብቕዓት ዝሓትት'ዩ። ኣዝዩ ፈታንን ከቢድን'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ግን፡ ኣብ እዋን ነጻነታዊ ተጋድሎ ዕላማ ኣብ ምጭባጥ ምኽርን ምህሮን ዘድልዮም ኣይነበሩን። ሕቶ ሃገርነት ነጻነት ብግቡእ ተረዲኦም፡ መግዛእቲ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክባረር፡ ፖለቲካዊ ውድባት ሓድነት ክገብራ ዝጽዕቱ ዝነበሩ'ዮም። ይኹን ደኣምበር ኣወንታዊ ጠለቦም ሰማዒ ስለ ዘይረኸበ እቲ ባህጊ ኣይሰመረን። ግን ኣይቀምሰለን ኣይሞተን። ካብ ጽባሕ ነጻነት ኤርትራ ኣብ ዝጀመረ ቃልሲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ'ውን ቀጺሉ። ዛጊት ሕጂ'ውን ግን ኣወንታዊ ምላሽ ኣይረኸበን።

እሞ ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ፡ እንተኾነ እቶም ኣብ ፖለቲካዊ ፕሮግራሞም፡ ኣረኣእያኦም መሰረታዊ ፍልልይ ዘይብሎም፡ ናይ ህዝቢ ናይ ሓድነት ጻምእ ብምርዋይ ሓይሎም ምወጽኡን ኣሰላልፋ ሓይሊ ሚዛን መስተኻኸሉን፡ ነዚ እንተዘይበቒዑ ግን፡ መሰረታውን ዘይመሰረታውን ወይ ቀዳማይን ካልኣይን ግርጭት ፈላሊዮም፡ ቀዳምነት ንዘወሃቦ ቀዳምነት ሂቦም፡ በቲ ዝተሓተ ከራኽቦም ዝኽእል ነጥብታት፡ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ተመሓዝዮም ከይሰርሑ እንታይ ይእግሞም? ብወገነይ ኣብ'ዚ ወቕቲ'ዚ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉ "ድሕነት ህዝብን ሃገርን" ዝጭርሑ፡ ኣንጻር ፍጹም መላኺ ስርዓት ህግደፍ ዝቃለሱ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ትርጉም ዘለዎ ኣብ ምሉእ ምትእምማን ዝተመስረተ ምሕዝነት ሃኒጾም ንቕድሚት ከይግስግሱ ዝዕንቅጾም ነገር ኣይርደኣንን። ንሳቶም'ውን ኣፎም መሊኦም ዘእምን መረዳእታ ከቕርብሉ ዝኽእሉ ኣይመስለንን። ስለዚ እቲ ብዝለዓለ ደረጃ ህዝቢ ሃረር ዝብሎ ኣብ ኣረኣእያ ዝተሰረተ ምሉእ ሓድነትስ፡ ምኽኑይ ይኹን ኣይኹን ግዜ ይውሰድ፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ተመሓዚኻ ብእምነትን ብተግባርን ብሓባር ከይትረባረብ ዝገብር ምኽንያት የለን ዝብል ምሉእ እምነት ኣለኒ። እሞ ፖለቲካዊ ውድባት ብሓፈሻ፡ መሪሕነት ፖለቲካዊ ውድባት ከኣ ብፍላይ ነዚ ጉዳይ ብሓላፍነታዊ ዓይኒ ተመልኪቶም ግብራዊ መልሲ ክብሉ እላቦ።

ኣኽበረት ካብ መዓስከር ስደተኛታት ማይ-ዓይኒ

## ሕቶ ብሄር ብዓይኒ ፖለቲካዊ ደሞክራስን ተፈጥሮኣዊ መሰልን

ደሞክራስያዊ ሕቶ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ኣፈታትሓኡን ካብ ቅድሚ ኣማኢት ዓመታት ጀሚሩ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከዘራርብ ከሰሓሕብ ዝጸንሐ ዛዕባ'ዩ። ብኸመይ መልክዕ ይግለጽ ካልእ ጉዳይ ኮይኑ በቶም ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ዝለዓል

*ሕቶ፡ ሕቶ መሰል ሕቶ መንነት'ዩ። እቲ ዘዘራርብ ዘሰሓሕብ ምኽንያት እክለ ብሄር ወይ ብሄረ-ሰብ ኣካል ኣምሳልና ስለዝኾነ፡ ምስኡ ተዛሚድና ተዋሊድና ስለ ዝኾና፡ ስለንፈትዎ ስለ ነኽብሮ ክፍለየና ኣይንደልን ካብ ዝብል ዝብገስ ኣይኮነን። እቶም መንነቱ ከረጋግጽ የብሉን ካባና ክፍል የብሉን። ባዕሉ ንባዕሉ ከመሓድር ዕድል ክወሃቦ ኣይግባእን ...ወዘተ እናበሉ ዝከራኸሩ፡ ዝዕንቅጹ ሰባት ወድባት ኮኑ መንግስታት፡ ማእከል ጌሮም ዝብገስሉ፡ ባህሪያዊ ጸጋታት ሒዙልና ከይኸይድ ካብ ዝብል ኩርናዕ'ዩ ዝነቅል። መሰል መንነት ካልኦት ረጊጽካ ዓፊንካ፡ ኣብ ጭርሖ ሓንቲ ሃገር ልዑላውነት ተሓቢእካ፡ ጸቢብ ረብሓኻ ዓቂብካ ተኸቢርካ ክትነብር ካብ ምድላይ ዝብገስ'ዩ። እዚ ድማ ደው በለለይ ክብለጸልካ'ዩ። እቲ መሰለይ መንነተይ ዝብል ዘሎ ቅኑዕ ምኻኑ፡ እቶም ኣይፋል ካብ ናትና ዝተፈልየ ፖለቲካዊ ምሕደራት ክህልወካ የብሉን ኣይንፈቅድን በሃልቲ ግጉያት ምኻኖም፡ ብተንተንቲ ፖለቲካ ብብሩህ ዝተቐመጠ፡ ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ድማ ብግቡእ ተሰኒዱ ዝሰፈረ ብምኻኑ ንሕጂ ኣብ'ቲ ፖለቲካዊ ሸነኹ ኣትየ ብዙሕ ዝብሎ ኣይህልወንን።*

*ብመሰረቱ ግን፡ ብሄር-ብሄረ-ሰባት ዝለዓል ሕቶ መሰል ብፖለቲካዊ ምኽንያት ወይ መርተየ ጥራሕ ድዩ ክረአ ዘለዎ? ክንዮ ብፖለቲካዊ መዕቀኒታት፡ ደሞክራስያዊ መሰሉ ይከበረሉ'ዶ ኣይከበረሉ ምባል፡ ሰብ ብምኻኑ ብናይ ኣደ ቛንቛ ክዛረብ ተፈጥሮኣዊ ግዴታ'ዩ። ብኣመዓባብላ ሕብረተ-ሰባት ቅድሚ ፖለቲካዊ ምሕደራ ወይ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ናይ ተፈጥሮ ሰብን ሰብ ኮይኑ ክረኽቦ ዘለዎ ናይ ተፈጥሮ መሰላትን ከም ዘሎ'ዩ ርዱእ ክኸውን ዘለዎ ኮይኑ ዝስመዓኒ። ናይ ተፍጥሮ ሰብ ስድራ፣እንዳ፣ ቀቢላ፣ ብሄረ-ሰብ ብሄር እናበለ ደረጃ ደረጃ እናማዕበለ ከም ዝመጸ ክዘንጋዕ የብሉን። ሃገር፣ ልዑላውነት፣ ፖለቲካዊ ምሕደራ፣ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ወዘተ ድሒሩ ዝመጸ ኣምራት ወይ መዕቀኒታት'ዩ። ካብ'ዚ ሓቂ'ዚ ተበጊሰ፡ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ብናይ ኣደ ቛንቛ ክዛረቡ፣ ናቶም ባህሊ ክህልዎም፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ምትእስሳሮም ከማዕብሉ፡ ተፈጥሮኣዊ መሰሎም'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ስለዚ ከኣ ነዚ ናይ ተፈጥሮ መሰላት'ዚ፡ ነገራዊ ረብሓታት ከይጎድለካ፡ ሓንቲ ሃገር ሓደ ህዝቢ ዝብል ጭርሖ ተጎልቢብካ፡ ብዘይትሕዝቶኡ ብግልባጡ እናንበብካ፡ ምዕንቃጽ፣ ብሓይሊ ኣንበርኪኽካ ሰጥ ከተብሎ ምፍታን፡ ብፖለቲካዊ ደሞክራሲ ጥራሕ ዝረአን ክፍታሕ ዘለዎን ዛዕባ ዘይኮነ፡ ኣንጻር ተፈጥሮ ምኻድ ኮይኑ ይረኣየኒ። ብዝያዳ ግን ዓቕሚ ዘለዎም ምሁራት ፖለቲከኛታት ኣዕሙቕ ኣቢሎም መብርሂ እንተዝህብሉ ብዙሕ ምሓገዘ ኢለ እሓስብ። ብዝተረፈ ሰላም።*

*በረኸት'የ ካብ ኬኒያ*

***ሕማም ደሓር'ዩ።***

*ትብጻሕ ናብ ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ዓምዲ ኣንበብቲ፡ ንተካይድዎ ዘለኹም ቃልሲ ኣሳልጦን ዓወትን እምነየልኩም። እዛ ዝስደልኩም ዘለኹ ሓጻር ጽሕፍቲ ኣብ ዓምድኹም ከተስፍሩለይ ከኣ ሓደራ እብል።*

*ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡ ንሕማቕ ድዩ ንጹቡቕ፡ ብሕጋዊ ድዩ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ፡ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝተቖጻጸረ ሓይሊ፡ ኣብ'ቲ ዝመርሖ ሕብረተ-ሰብ ናቱ እምነት ናቱ ኣረኣእያ ክጸሉ ተጽዕኖ ክፈጥር ከም ዝኽእል ዘካትዕ ኣይኮነን። ስለምታይ'ሲ፡ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ምምሕዳዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ ጉዳያት ብናቱ ፖሊስ ስለዝቖርጾን ነቲ ኣብ ትሕቲኡ ዝነብር ህዝቢ ድማ ብኡ ክመሓደር ክነባበር ስለዘገድዶን ዝፈጥሮ ተጽዕኖ ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። ብፍላይ እቲ ሓድሽ ወለዶ፡ ነቲ ብሸነኽ መንግስቲ ዝበሃልን ዝግበርን ቀስብቐስ እናለመዶ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ኣወንታዊ ክብርታት ድማ እናህሰሶ እናገደፎ ክኸይድ ግድን ይኸውን።ኣብ'ዚ ግደ ሚዲያን ስነ-ጥበብን ዝለዓለ'ዩ። ንኣብነት፡ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ፡ ደሞክራስያዊ ተፈጥሮ እንተሃልይዎ፡ ናይ ሰላም ናይ ሓድነት ሓባራዊ ተጠቃምነት ፖሊሲ ዝኽተል፡ ንስሩት ኣወንታዊ ክብርታት ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ብግቡእ ዘኽብር እንተደኣ ኮይኑ፡ ዜጋታት ኣወንታ ደኣምበር ኣሉታ ኣይመሃሩን። ብኣንጻሩ፡ ተሓታትነት ዘይብሉ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ዝመጸ ኣወንታዊ ባህላዊ ውርሻታት ናይ'ቲ ህዝቢ ዘየኽብር፡ ከም ቃሕታኡ ዝሃልል፡ ደስ ዝበሎ ብቕልጽሙ ድዩ ብስርቂ ዝወስድ፡ በዚ ጽዩፍ ተግባር'ዚ ከኣ ዘይስከፍ ዘይሓፍር ምስ ዝኸውን እቲ ኣብ ትሕቲ ምሕደራኡ ዝዓቢ መንእሰይ፡ ብኣሉታ ምጽላው ኣይተርፍን።*

*ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ ህዝቢ ንዘለው ኣወንታዊ ባህልታት ካብ ቃላት ዝሓለፈ ብተግባር ሰሪሕሉ ኣይፈልጥን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ናቱ ናይ በይኑ ቅኑዕን ገስጋስን ባህሊ ከም ዘለዎ፡ እቲ ናይ ሕብረተ-ሰብ እምነት፡ ባህሊ፡ ስነ-ምግባር ግን ከም ድሑር ዘይማዕበለ እናበለ'ዩ ዘቆናጽቦ ኔሩ። መሪሕነት ህግደፍ ባህሊ ምክብባር ኣብሪሱ፡ ባህሊ ምንዕዓቕ ኣንጊሱ። ባህሊ ግሉጽነት ተሓታትነት ኣህጒጉ፡ ባህሊ ምድንጋር፡ ቀይዲ በተኽነት ዘሪኡ። ንሓሶት፡ ስርቂ፡ ምትላል፡ ንካልኦት ሰባት ወይ ህዝብታት ምንዓቕ ምቁንጻብ ዝጽየፍ ዝኹንን ስሩት ኣወንታዊ ባህሊ ሃሪሙ፡ ሓሲኻ፡ ሰሪቕካ፡ ኣደናጊርካ ትድረረሉ ማሕፉዳኻ ትመልኣሉ፡ ኣፍ ልብኻ ነፊሕካ ንከማኻ ሰባት ተቆናጽበሉ ዘይነበረ ባህልን ስነ-ምግባርን ኣተኣታትዩ።*

ሎሚ ብዙሓት ወለዲ፡ ስነ-ምግባር ትማልን ሎሚን እናነጻጸሩ፡ ብዘዕባ ካልኦት ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ደቆም ክዛረቡ እንከለው ኣዝዮም ይሓዝኑ። ኣብ ብዙሓት መንእሰያት ባህሊ ሓሶት፣ ስርቂ፣ ምድንጋር፣ ንዓይ ይጥዓመኒ፣ ኣነ እፈልጥ፣ ጽዩፍ ተግባራት ሳዕሪሩ። መንገዲ በለጽ ዘየሕፍር መግለጺ ስልጣነ ተወሲዱ። ቃል ኪዳን ላሕሊሑ፡ ነዚ ዘተባብዕ ደኣምበር ያዕ ዝብል ኣካል ተሳኢኑ። እዚ ክቡር ህዝቢ፡ ክቡር ባህሉ ይሃስስ ይጠፍእ ኣሎ። እዚ ነውራም ባህሊ'ዚ ኣብ ውሽጢ'ዚ ርብዒ ዘመን ከም ለበዳ ሕማም ዝተላበዐ'ዩ። ዋንኡ ከኣ እዚ ብግዕዝይና ዝጠስጠሰ ስርዓት'ዩ ኢሎም ከማርሩ ይስምዑ። ሓቆም'ዮም። መንግስቲ ህግደፍ መንእሰይ ኣብ ምብልሻው ተዓዊቱ'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ከም'ቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ህዝቢ ምስ ህዝቢ፡ ሓደ ዓሌት ምስ'ቲ ካልእ ዓሌት፡ ከምኡ'ውን ሃይማኖት ምስ ሃይማኖት ዝጠራጠርሉ ስኒት ዝስእንሉ ባይታ ገዲፉ ብምኻዱ ውዲት እንግሊዝ እናተባህለ ዝዝረበሉ፡ ህግደፍ ድማ ንሱ ምስ ተወገደ'ውን፡ ብቐሊል ክፍወስ ዘይክእል ሕማም ደሓር ዝኾነ ኩለ-መዳያዊ ብልሽውና ኣተኣታትዩ ኣሎ። ስለዚ፡ ኩሉ ግዱስ ዜጋ ነዚ ጉዳይ ብደረጃ ናይ ጽባሕ ሓደጋኡ ብትኹረት ክጥምቶን ካብ ሕጂ መፍትሒ ከናድየሉን ኣለዎ እብል።

ስዒዳ ሳልሕ ኣዲስ-ኣበባ

## ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ (ሃማደኤ)
## ሃገራዊት ዘብላ ባህሪ ኣርእያ ኣይትፈልጥን

ኣብ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ "ሃገር" እትብል ሓረግ ወይ ስያሜ ዝቖሙ ብዙሓት ማሕበራት ኣለው'ዮም። ከም ኣብነት "ሃገራዊ ኮንፌደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ -ሃኮሰኤ"፣ "ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ-ሃማመተኤ"፣ "ሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ- ሃማደኤ" ን ካልኦትን።

እንተኾነ እዞም ማሕበራት፡ ብሰናይ ድሌት ናይ'ቶም ንውክሎም ኢና ዝብልዎም ሕብረተ-ሰብኣዊ ቀጸላታት ዝቖሙ ኣይኮኑን። ካብ እንክፍጠሩ፡ በቲ ጃንዳዊ መሪሕነት ዝተወደቡ፡ ቀጥታዊ ተጸዋዕነቶምን ኣገልግሎቶምን ድማ ናብኡ ናብ'ቲ መላኺ ስርዓት ዝኾኑ ስማውያን ማሕበራት'ዮም። ብዝኾነ መዕቀኒ ድማ ህዝባውያን ሃገራውያን ከብሎም ዝኽእል ነጻ ህላወ ኣይጸንሖምን የብሎምን። እዛ ተጣባቒት ረብሓን መሰል ውጹዓት ደቂ-ኣንስትዮ ከም ዝኾነት ትመጻደቕ፡ ሃገራዊት ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ (ሃማደኤ) ንኣብነት ከም ማሕበር፡ ረብሓታት ምልኪ ትሕሉን ክብረ ዝና መለኽቲ ተመላኽዕን ህግደፋዊት ማሕበር'ያ።

እተን ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ስልጣን ዝተመደባ መሪሕነት ናይ'ዛ ህግደፋዊት ማሕበር፡ በቲ ወሳኒ መሪሕነታዊ ጃንዳ ህግደፍ ተሓርየን ዝድይባ፡ ከመይነት ኣተሃላልዋ ኣብዘሓ ውጹዓት ደቂ-ኣንስዮ ኤርትራ ዘይፈልጣን ክፈልጣ ዘይደልያን፡ ስርዓት ህግደፍ ገንዘብ፡ ጉልበት፡ ዕልልታን ወደሳን እንክድልዮ፡ ቀጢን ትእዛዝ ንምውራድ ኣብ መድረኻትን መራኽቢ ብዙሓንን ዝቕልቀላን ዝወጸለን መጋበርያታት'የን። መሪሕነት ህግደፋዊት ሃማደኤ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ኣስታት ርብዒ ዘመን፡ ስቓይ ኤርትራውያን ኣዴታት ንምዕጋስን ንምውጋድ ተበግሶ ወሲዳ ድምጻ ዘስመዓትሉ እዋን ኣይፍለጥን። ብኣንጻሩ ተልእኾ ናይ ጎይታኣ ንምፍጻም፡ ድሕነት ህይወት ሰብ ቅድሚ ኩሉ ዘይኮነ፡ "ሃገር ልዕሊ ኩሉ" ቀዳምነት መሬታዊ ሓድነት እናጨረሐት ኣዴታት ወላድ መኻን ክኾናን ብድሕረትን ድኽነትን ተቖፊደን መዳመቕቲ ኲናት ክኾናን ኣብ ምጉስጓስን ምስ ግዳድን ትነጥፍ መሪሕነት'ያ።

ህግደፋዊት ሃማደኤ ኣብ ክንዲ ዓገብ፡ ማዕርነት ብተግባር'ዩ ዝረጋገጽ፡ ንሕና ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ ተሰሊፍና ሳላ ዝተረጋረግና ኢና ማዕርነትና ኣረጋጊጽና። ንሳትክን ድማ መንግስቲ ብዘውጽኦ መደብ መሰረት ሳዋ ወሪድክን ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲድክን ሃገርክን ከተገልግላ ግቡእክን'ዩ። ኣብ መንጎ ጾታታት ፍልልይ የለን። መሰላት ድሕሪ ተሳታፍነት ብምጭራሕ መርዑን ሓራሳትን ከይተረፈ ካብ ዕዳጋን ማእቶትን ጎደናታት ብወተሃደራት ህግደፍ ተሓፊሰን፡ እንክውሰዳ ጾታዊ ዓመጽ እንክፍጸመን ከም ንቡር ወሲዳ ተተባብዕ ማሕበር'ያ።

እዚ ቅቡጽ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዘውርዶ ዘሎ ኣደራዕ፡ ገና ስለ ዘየዕገቦ፡ ገለ ካብ'ተን ፍሉጣትን ቅቡጻትን ኮራኹሩ ናብ ወጻኢ እናለኣኸ፡ ነቲ ኣብ ኣፍ-ሞት ዝርከብ ውዳቤታቱ ዳግማይ ኣብ ምብርባሩ፡ ፈንጠርጠር ክብል ንዕዘብ ኣለና። ንሕና ግን ክሳብ መዓስ ኢና ክንዕሾ? ንመሃር። ህግደፋዊት ሃማደኤ ንተረኽቦ ላምፐዱዛ ዝኸሓደ ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ መሪር ህይወት እናሕለፉ ብኣንጻሩ ፈጢራ ብኽሕደት ትገልጽ ሓብሓቢት ምልኪ'ያ። እዘን ንእሽቶ'ውን ትኹን ሕንከት ዘይስመዐን ተበለጽቲ ናይ ፯0ታትን 80ታትን ስድነተን ከሐድሳ ክብላ፡ ዝተዳኸመ መንፈስ ዳግማይ ህይወት ንምምላስ ብገንዘብ ውጹዕ ህዝቢ፡ መስመራት ሮማ፡ ሚላኖ፡ ካይሮ፡ ለንደን፡ ኣመሪካ፡ ኣውስትራሊያን እነሆ መንገዲ ማይ ጌረናኦ።

ንሕና ነዚ ላግጻ ዘይንቕበል ግን ክንድቅሰሎም የብልናን። ስለዘየደቅስ። ተመንጢሉ ዘሎ ደሞክራስያዊ መሰላትና ንምምላስ፡ ብዘተኣማምን ተወዲብና ክንዋደቕ ኣለና። ናይ ብሓቂ ሓርነት ብቃልሲ ስለ ዝዕተር።

ፍትሒ'የ ካብ ሱዳን።

# ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!